refugee action

working with refugees to build new lives

information

# Section 4 NASS* ሓገዝ

## ናይ Section 4* ሓገዝ ንመን ይወሃብ?

እዞም ዝስዕቡ ነገራት ብምሉኦም እተማልኡ እንተደኣ ኰንኩም፡ ነቲ ናይ Section 4* ሓገዝ ንምርካብ ብቑዓት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም፥

- ሓተቲ ዑቕባ ኔርኩም ከምእውን
- ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ተነጺጉ፡ ከምእውን
- ካልእ ምንጪ ናይ ሓገዝ የብልኩምን
- ናይ ይግባይ ምልክታ እንተደኣ ኣቕሪብኩም፤ ሓገዝ ንምርካብ ብቑዓት ኢኹም። ብኽብረትኩም ሕተቱና።

ካብዞም ዝስዕቡ ነገራት ድማ ሓደ እተማልኡ እንተደኣ ኰንኩም፥

- ናይ መገሺ ወረቐት ወይ ዶኩመንት ንኽወሃበኩም ኣመልኪትኩም (ማለት ካብ ኤምባሲኹም / ናይ ኢሚግሬሽን ኣገልግሎት) ወይድማ ብፍቓድኩም ንምምላስ ኣመልኪትኩም እሞ ብዛዕባ ውሳኔ ጉዕዞኹም ዝርዝር ሓበሬታ ንኽወሃበኩም ትጽበዩ እንተደኣ ኣሎኹም ኰንኩም
- ብናይ ሕክምና ወይ ጥዕና ምኽንያት ካብ ዓዲ እንግሊዝ ክትወጹ እንተደኣ ዘይትኽእሉ ኰንኩም
- እቲ Home Office* ናብ ዓድኹም እትምለሱሉ መንገዲ ሓደገኛ እዩ ኢሉ እንተደኣ ሓሲቡ
- ነቲ ዘቕረብክሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ብዝምልከት ናይ Judicial Review* ክትገብሩ እንተደኣ ተፈቒድልኩም
- እቲ ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት፡ ሓገዝ እንተደኣ ዘይተገብረልኩም እቲ ዝግበኣኩም ሰብኣዊ መሰላት ምግፋፍ ማለት እዩ ኢሉ እንተደኣ ኣሚኑ - ንኣብነት እቲ ጠበቓኹም ነቲ ዘመልከትክሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ንናይ further representations* ኢሉ እንተደኣ ኣጽኒሕዎ ወይድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ እንተደኣ ኣሎኹም ኰንኩም

## ናይ Section 4* ሓገዝ ዝበሃል እንታይ እዩ?

- ብ NASS* ዝወሃብ መንበሪ ኣባይቲ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ንምግብን ንኻልእ ዘድሊ ቀንጠመንጥን ዝኸውን ንሰሙን ናይ £35 ቫውቸር የጠቓልል
- ካልእ ተወሳኺ ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ኣየጠቓልልን
- እቲ ዝወሃብ መንበሪ ኣባይቲ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብቲ ዘለኹሞ ከባቢ ክኸውን እንከሎ፡ እንተኾነ ግን ካብቲ ትቕመጥሉ ዘለኹም ኣባይቲ ንኽትግዕዙ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም
- ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ መለኪዒታት ተማልኡ እንተኾንኩም ንምርግጋጽ NASS* እንደገና ነቲ ጉዳይኩም ክርእዮ ይኽእል እዩ፡ እንተደኣ ዘይተማልኡ ኰንኩም ድማ ነቲ ሓገዝ ከቋርጾ ይኽእል እዩ (ንኣብነት፥ ነቲ ብፍቓድኩም ንምምላስ ዘቕረብክሞ ምልክታ እንተደኣ ሲሒብክሞ፡ እቲ ክወሃበኩም ዝጸንሐ ሓገዝ ይቋረጽ)።

## ብኸመይ ከመልክት ይክእል?

- ብኽብረትኩም ናብቲ ኣብ ጥቓኹም ዘሎ ናይ ምኽሪ ማእከል ኪዱ - ናብ NASS* ንኽተመልክቱ ነቲ ፎርም ኣብ ምምላእ ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም
- NASS* ድማ፡ ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ናይ Section 4* ሓገዝ ኣወሃህባ ኩነታት ተረዲኡኒ እዩ ዝብል ፎርም ፈርማኹም ከተንብሩ ክሓተኩም እዩ - ብዛዕባ እዚ ብዝበልጸ ክንገልጸልኩም ኢና።
- ደሓር ምስ ኣመልከትኩም፡ ካብ NASS* ናይ Section 4* ሓገዝ ክህበኩም ሙኺኑን ዘይሙኺኑን ንምፍላጥ ቁሩብ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።

refugee action

working with refugees to build new lives

- ደሓር NASS* ናይ Section 4* ሓገዝ እንተደኣ ሂብኩም፡ ናብቲ ዝተዳለወልኩም መንበሪ ኣባይቲ ንምግዓዝ ካልእ ናይ ሰሙን ዝኣክል ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።

* እዞም ቃላት እዚኣቶም ናይ ሓደሓደ ማሕበራት ናይ እንግሊዘኛ ኣስማት፡ ወይ ድማ ካልእ ክትርጎሙ ዘይብሎም ቃላት እዮም። እንታይ ማለት ሙኻኖም ምእንቲ ክገልጸልኩም፡ ብኽብረትኩም ንዝኾነ ናይ ምኽሪ ሰራሕተኛ ሕተቱ።

**ዝኾነ ሕቶ ወይ ርእይቶ እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፡ ብኽብረትኩም ሕተቱ።**

information